# ምሩጽ ኢኻ

ምሩጽ ኢኻ ፍሉይ ዝተመርጸ
ኣርማ ጽንዓት ዓረ ዘይፍለጸ
ኣብታ ጽሕጎ ግርማኡ ዘገጸ፡

በጃ ሃገር ዝሕረድ ዝቁረጽ
ቅድሚ ኹሉ ንውዕለት ዝምረጽ
ፍሉይ ፍጥረት ካብ ኩሉ ትበልጽ።

ምሪጽ ኢኻ ኣብ ጸላም ዝበርህ
ብርሃን ቀትሪ ባናኡ ዝዶግሐ
ፊተውራሪ ቅድሚት ዝመርሐ።

ምሩጽ ኢኻ ቅርሲ ብራና ሃገር
ሕሩይ ዓንዲ ፍልጠት ማእገር
ዘይትብጻሕ ውሽጥኻ ዘይጉርጎር።

ምሩጽ ኢኻ ተስፋ ዝስንቑ
ሰናይ እምነት ሰደቃ ናይ ሓቑ
ብዓል መትከል ጽንዓት ዝዕጣቑ፤

ምሩጽ ኢኻ ተፋቒርን ተጣምርን
ዘይክማህ ተትብዕን ተብልሕን
ኣርኣያ ንብጻይነትን ክብርን ።

ምሩጽ ኢኻ ዓቓሪ ምስጢሩ
ውዕሎታትካ ብግብሪ ዝምስክሩ
ሕብርታትካ ታሪኽካ ዝነግሩ።

ምሪጽ ኢኻ ብቓላቱ ዘእምን
ዕርፊ . . ዓወትን ጽንዓትን
ሓዲድ . . ልምዓትን ህንጸትን።

ኣብ ምረትን ገልታዕታዕን
ቐርቐራን ገደልን- በረኽን ዝባንን
ሽጓሹግን ሩባን - ባሕርን ውቅያኖስን፡

መሬት ተኣይዳ ብምድርን ሰማይን
ብኣእላፋት ሓጻውንን ቦምባን
ምሩጽ ኣብ መውጋእትን መስዋእትን፡

ዘይክማህ ሓይልኻ ብውሑዱን ቑንጣሮን
ክንዮ ኣድማስ ሕልምኻን ራኢኻን
ጥርዚ ፍናን ምስ ሓቦን ጽንዓትን።

መጋርያ እሳት እና ክተክኽ
እምኒ ኣኻውሕ እና ክመክኽ
ህቦብላ ንፋስ እናክህውኽ
መሳርዕካ ስጡም ዘይተበታተኽ
ዘይትጸዓድ ዘይትከኣል ዘይትምለኽ
ዘይትሰግድ ዘይትመሳሰል ዘይትምብርከኽ
ተስፋ ተዕኩኽ ራእይ ተበርኽ።

ምሩጽ ኢኻ ብዘረባን ግብርን
ጸብለልታኻ ኣብ ሓቕን ፍትሕን
እምንቶኻ ሃገርን መሬትን።

ምሩጽ ኢኻ ከም ታቦትን ደብርን
ከም ስግዳንን ቁርባንን
ከም መጽሓፍን ዳዊትን
ከም ሰላትን ቑርኣንን
ኣብ ዱዓን ምርቓን።

ዘይትምዘን ብኺሎን ሊትሮን
ብሜትሮን ብጥምሮን
ኩሩዕን ኳዕናን- ዘይዕሰብ ዘይደንን፡

ዘይትጻወር ንዓመጽን በደልን
ንሰብኣዊ ክብረትን መሰልን
ትምረጽ ንመስዋእትን በጃን።

ውዕሎታትካ ንያት ኣማዕሪጉ
ቅያታትካ ንሰማይ ዓሪጉ
ብድሆኻ ተጻያት ኣህጉጉ።

ምሩጽ ኢኻ ሞባእ ነዛ ሃገር
ሕሩይ ልዕሊ ስልማት በራዉር፡

ምሩጽ ኢኻ ኣርሓ ጸብደል
ዘይክማህ ዓንተር ጎብለል
ዋሕስ ውፉይ ብዓል መትከል።

ደመኛታትካ እናክናወጹ
ከዳዓት ምንባር ዝቀበጹ
ምስ ክፍኣቶም ጊሓት `ናረሃጹ
ብጽንዓትካ ኣናክርበጹ
መቃናጀዊ ቃላት `ናመረጹ፡

ኣቡጊዳ መሰላት ክምህሩ
ብሽብጢ ዓዒንቶም ዘዐሩ
ብትኳቦ ኣእምሮ ዘህጠሩ፡

ክሳድካ ንድሕሪት ኣይዞረን
ጽንዓትካ ኣይተመናነህን
ሓድነትካ ኣይተበታተኽን።

መሊስካ ትጸንዕ መሊስካ ትስውድ
ኣይትጃጃ ኣይትርዕድ
ኣይትብህርር ኣይትሰግድ
ሓሊፍካ ትጸንሕ ቅድሚት ትዓርድ።

እቲ ጉዕዞኻ ጉዕዞ ናይ ትማሊ
ብዘይቀለዓለም ብዘይ ከውሊ
ብዘይ ኣያ ብዘይ ከኣሊ
ብዘይ ዘራይ ዘታቲ ዘሳሊ።

ንጉሰ ነገስት ኣሊኻ
ደርጋውያን ድሂኽካ
ወያናይ ኣላሂኻ
ንንስሪ ኣላህሊህካ
ዓማጺ ኣበርጊግካ፡

ሕጂ`ውን ከም ቀደም
ኣብቲ መስርዕ ኣብ ቅድድም፡

ደመኛኻ ኣየዕረፈን
ከም ጻጸን ሓርማዝን
ዳዊትን ጎልያድን
በትረ ሙሴንን ፈርዖንን፡

ጫለዳ የለን ካልእ ምርጫ
ምሩጽ ከፊልካ ሓንቲ`ያ ትዕጫ፡

ሎሚ ግዳ መስርዕካ ሓሽኪቱ
ጥርናፈኻ በርኪቱ፡

ስማካ ተራቢሑ
መቃልሕ ተዘርጊሑ
ባናኻ ደጕሑ።

እቲ ምዕራፍ ግን ገና`ዩ
ደረት ውህብቶ ተለልዩ
ምሩጽ ተወፍዩ፡

ከም ሽምዓ መኺኹ
ሃላዌና `በሪኹ፡

ሓድነትና ቓሉ
ኣብሲሉ ገማጢሉ
ትርጉማ እጥሊሉ
ሕድሩ ልዕሊ ኹሉ።

እቲ ምሩጽ ሕድሪ
ሕድሪ`ዩ ሕድሪ ቃልን ደምን
ሕድሪ ኣብያን ብድሆን
ሕድሪ ጽንዓትን መትከልን
ሕድሪ መሰልን ክብረትን
ሕድሪ ሃገርን መሬትን
ዘይሃስስ ዘይድወን
ዘይጉዕጸጽ ዘይድበን።

ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!!
ዓወት ንሓፋሽ!!

ሚልዮን ኣብርሃም
20 ሰኔ 2016
ቶሮንቶ ካናዳ።